ከም ወርቂ ተፈቲኑ ዝወፀ ብተጋሎ ሓዊ፤
ሰብ ድዩ ምድራዊ? ወይ'ስ ሰማያዊ?

የቕንየልና! ክቡር ጅ[ግ]. ሚ/ር. መለስ ዜናዊ፤
ምእዙዝ ኖላዊ፣ ታሪካዊ ዝኽሩ ዘለዓለማዊ።

ዕለት፡- 70/24/09
ብኪዳነ ግርማይ

ኮከብ ሰብኣ ሰገል መራሒ መገዲ፤
መዓርግ ዓዲ ሓድጊ ወለዲ፤
ትንቢት ድዩ ጋህዲ፤
ኣደታት ዓሊለን ተወሊዱ ወዲ።
ርሑቕ ኣይትኺዱ፤ ትንቢት ተጋሂዱ፤
ኣብ ዓድና፣ በራሕ ገንበሩ ነቢይ ተወሊዱ፤
ዘይርስዕ ግብሪ ወለዱ፤ ደሞክራሲ ዘውዱ፤
ደዬቡ ወሪዱ ሀገር ዝሃንፅ መስርዕ ኣዋዲዱ፤
ዘይድፈር ዕርዱ፤ መፅረዪ ዝሓንገዱ፤ እኒ ጉራ ከብዱ፤
ገና እምበር ገና!! ምልስ ኢሉ መለስ፤
ኣፃብዕቱ ብርዒ እንትድህስስ፤
ክጽሓፍ'ዩ ታሪኽ ክሕደስ፤ ኩዳዕ ክሓፍር፣ ሓቀኛ ክውደስ፤
ናይ ኣእላፍ መስዋእቲ ብልምዓት ክድበስ።
ናይ ውፁዓት ኣቦ፣ ሕፁብ መዓንጣ ብዓል ድርብ ሓቦ፤
ዕርዱ ፅኑዕ ሕዝባዊ እምነት ገቦ፤
ማኒም ዘይደፍሮ ድልዱል ካብ ዓንተቦ።
ገሊኡ ሓዱሽ ገሊኡ ዝሓለፈ፤
ብዙሕ ታሪኽ ኣሎ ገና ዘይተጽሓፈ፣ ዘይተለፈ፤
ምስተነድፈ፣ ንእኡ ዝፅበ ዘይተልኸፈ።
ወይ ዝንሱ!! ወይ ዝንሱ! ...እንትኸሪን'ከ ሓራስ ነብሪ፤
እንተፍቅር ይልሕስ ጓህሪ፤
ውቀት ዝዓደሎ ናይ ዓድና ክብሪ፤
እሙን ወዲ ሕዝቢ ዘይጠልም ሕድሪ፤
ካብ ወፅዓ፣ ካብ ጥምቐ ክራማት፣ ካብቲ ዘይዛሪ፤
ምልስ ኢሉ መለስ ኣድሒኑዋ ምድሪ፤
መለስ እዚ ነብሪ!! እንኳዕ ናትና ኮነ ይመስገን ፈጣሪ።
ኣነ'ማ ኣነ፣ ኣነ ገርሂ ልቡ፣ መሲሉኒ ሕይወት ዘለኒ፤
ተማሂሩ፣ ዶክትሪት ፅዒኑ ክመፀኒ፤ ተፀቢየዮ ክሕክመኒ፤
ፈላጥ ምኳኑ'ማ ምኣዝ ጠፊኡኒ፤
ትፅቢተይ ነይሩ ዶክቶር ኮይኑ ኣብ ሆስፒታል ክፀንሐኒ፤
ለካ ንሱ'ስ ውሽጠይ ዝርኢ ነይሩዎ ዓይኒ፤
ማዕርነት ስኢነ ምሒር ጨኒቑኒ፣ ፀገመይ ፈሊጡ ረዲኡኒ፤
ሕይወት'ዩ ንሱ ከይፈርስ ኣካለይ ሕይወት ኮይኑኒ፤
ናይ ባዕሉ ደም ሂቡ ዳግም ፈጢሩኒ፤
ብሕይወት ክነብር፣ ተስፋ ሕይወተይ፣ ደሙ ሂቡኒ፤
ሕይወት ከፊሉ ምሥጢር ሕያውነት ንሱ ምሂሩኒ።
እሞ! ንዚ መምህርና እስቲ ንዘክሮ፤
ነፍቅሮ፣ ነኽብሮ፤ ዕልል ንበለሉ፣ ዕምበባ ነዕትሮ፤
ብዙን ታሪክ ኣሎ ንሱ ዝገበሮ፤
እዚ ኩሉ ፀገም ብኸመይ ሰገሮ?
መለስ'ማ ኣነ ዝመስለኒ፣ ህያብ ኣምላክ'ዩ፣ እዝጊ ዝዓቘሮ፤
ምኽንያት ክኸውን ንመቐይሮ፤ ንልምዓት ንሕዝባዊ ኑሮ፤
እዚ ኩሉ ምህሮ፣ እዚ ኩሉ ኣእምሮ፤
ካብ ኣምላክ ተዘይኾን ነይሩ'ስ ምሓለፈ ድሮ፤
ከምቶም ብፆቱ ምተረፈ ነይሩ ኣብ ሩባ-ሽንጥሮ፤
ብዕሽል ዕድሚኡ ምተሰውአ እምበር ኣብ ኩናት ሴሮ፣
ኣብ ኩናት ሽራሮ፣ ኩናት ጾመ-ርበዓ ኩናት ዓዲ ዳዕሮ፤
መራሕ ሀገር ክኾን እዝጊ ሰወሮ፤ ንባሕሪ ሞት ሓሚሱ ሰገሮ።
መለስ'ዶ በሉዎ? እምብር መለስ፤
ምእዙዝ ወዲ ሕዝቢ ወዲ ዜናዊ ወዲ አስረስ፤
ወዲ ዓበይቲ ርጉእ መንፈስ፤ ክነግሥ በቃ! ዳግም ይንገሥ፤
አምላክ ዝዓደሎ፣ ቅሻረት አንበሳ፣ ክብረ ሞገስ።
ኣየ ማህፀን!! እወ፣ ኣየ ማሕዘል፤ ኣዲኡ ወሊደ ትበል፤
ኣብ መትከላዊ እምነት እብኑ ኩርናዕ'ዩ ዘይፍንቀል፤
ልበ ርህሩህ ዓቃል ዘይብቀል፤ ዘይዕሾ ዘይሽካዕለል፤
ዘይግምጠል፣ ተሪር፣ ሓፂናዊ ሸኻል ዘይንቀል።
አወ!! ርቱዕ ልሣኑ፣ ከቢድ ሚዛኑ፤ ዝጣጢ ዋኒኑ፤
ኣርሒቑ ዝጥምት ዝዓምም ሃቂኑ፤ ዝሠርሕ መጢኑ፤
እሰይ ተዓዲልና ንሱ ናተይ ኮይኑ።
እወ!! "ዝእንበለ ጅዱ ኄር ኢይኀድጋ ለሀገር"""
ኢሎም ዝበሉዎ'ስ፣ ሓቂ ኮይኑ፣ ሎሚ ተጋሂዱ ምሥጢር።
ንሱ'ማ ሊቅ'ንዶ፣ ሊቅ ካብ ቀደሙ፣ ወዲ ሊቃውንቲ፤
ኣብ ባይቶ ኀቡራት መንግሥቲ፤
ኣፍሪቃ ወኪሉ፣ ኣህጉራዊ ፀገም ንምፍታሕ፣ ዝዝቲ፤
ሞጉቱ ዝረትዕ፣ ዝንተ ሞገት ዕጥቂ፣ ኃያል ተሟጓቲ።
እወ ንሱ! ሐዋሪያ ገድሊ፣ ብዓል ብዙኀ ዓቕሊ፤
ብመይላ ዝኣልዮ ንመሐንኮሊ፤ ፈቃር'ዩ ላጋስ ዝብላዕ ከም እኽሊ፤
ኣርሒቑ ዝሓስብ፣ ዓይነ ልብ ዘቦ፣ ቆፃሕ መስተውዓሊ፤
ናይ ሎሚ፣ ናይ ፅባሕ፣ ኮላይ ናይ ትማሊ።
እሞ'ረ እሞ!! እንታ'የ ዝብሎ? ክይሽልሞ ዓቕሚ የሎ፤
የቕንየለይ ከይብሎ፣ እንታይ'ሞ ክኣኽሎ? ቃላት ስኢነሉ
ብቃል ከይድልሎ፤ ሃሎ! የቅንየለይ ሃሎ! ይሰምዐኒ እንተሎ።
ክብሪ፣ ፍቕሪ፣ ምስጋና፣ ወዘለዓለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና፤
ክብሪ፣ አድናቖት ወምስጋና ንክቡር መራሒና፤
ጅ[ግ]. ሚኒስተር መለስ ዜናዊ፤ ከምወርቂ ዝፈተኖ ተጋድሎ ሓዊ፤
ምእዙዝ ወዲ ሕዝቢ፣ ሓቂኛ ኖላዊ፤ ታሪኻዊ ዝኽሩ ዘለዓለማዊ።

ምምስጋን፣ ምክብባር ንልመድ! የቕንየለይ፤
የቕንየልና፣ --የቕንየልና፣ የቕንየለይ፤

የቅንየልና፣ እወ!! ---የቕልለይ፤
ኪዳነ ግርማይ ክምስግን ብዓቕመይ።

ወለድና'ስ እንኳን'ዶ ንሰብ ንዝዓብስ ውራይ፤
እናፋፀዩ፣ እናዛመሩ፣ ይሓርሱዎ ብዕራይ።

---የቕልለይ!!!